# ርሑስ ሓዲሽ ዓመት 2015 ዓ/ም

# ቅዱስ ዮሓንስን ይግበረልና!!

## በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላኽ ኣሜን!!

ካብ ዘመነ ማርቆስ ናብ ዘመነ ሉቃስ እንቋዕ ብሰላም ኣብጸሓና! ዓመት ሰላምን ራህዋን ቅስነትን ይግበረልና!! ዓመት ይሓልፍ ብ ዓመት ይትካእ፡ ሓዲሽ ኪዳን ካብ ዝብሃል 2014 ዓመታት ሓሊፉ፡ ወንጌል ኣብ ዝሰፍሓሉ ካብ እምነት ዝርሕቁ በዚሖም! ጎይታናን ኣምልኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ትምህርቱ፡ “ጎይታ እቶም ዝድሕኑ ብዙሓት ዲዮም፧” ኢሎም ምስሓተትዎ፡ “ ብዙሓት ክድሕኑ ይደልዩ፡ እታ መገዲ ግን ኣይፈልጥዋን እዮም” ክብለ ምፍላጥ መገዲ ኣገዳሲ ምኧኑ ሓቢሩና!! ኣብ ትምቢት ኤርምያስ 6፡16 ክም እንረኽበ “ እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ጎደናታት ደው ኢልኩም ተመልከቱ፡ እቲ ጥንታዊ መገድታት፡ እቲ ጽቡቕ ጎደና ኣየናይ ምኧኑ ሕተቱ እሞ ብእኡ ተመላለሱ፡ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም። ንሳቶም ግና፡ ኣይንመላለስን ኢና፡ ኢሎም መለሱ”።

ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ እቲ ኣብ ሻምናይ ሽሕ (ሳምንተኛ) ክኸውን'ዩ ዝብሃል ክፍጸም ንርእዮ ኣለና፡ እግዚኣብሔር መጽሓፍ ቅዱስ ንድሕነትና ሂቡና፡ ኣካይዳ ቅዱስ መጽሓፍ ከም ዝሕብረና ካብ ነብያት ክሳብ ጎይታ፡ ሃዋርያት ፡ ሰማእታትን ጻድቃንን ኩሉም ሓቅነት እምነቶም እናመስከሩ ንግፍዕን ሴፍን ተወፊዩ እምበር ፡ ኢዶም ኣየልዓሉን! ናብ እምነትና ክትኣምን ኣለካ ኢሎም'ውን ኣየገደዱን! ኣብ ልዕሊ ሰዓብቲ ካልእ እምነት ወይ ኣብ ኣቢያተ ጽሎቶም ዝኾነ ጉድኣት ኣየውረዱን! ክንደይ ኢልካ ክጥቀስ፡ ኣብዚ ግዜ ዝርኣይ ዘሎ ግን ኣመንቲ ኢና እናበልካ ክብሪ ቤተክርስትያን ምድፋር፣ ቤተክርስትያን ብወገንን ፖለቲካን ምፍልላይ፣ መራሕቲ ሃይማኖት ፈላሊኻ ምርኣይ፣ ዝምልከተካን ዘይምልከተካን ሰኣን ምፍላጥ ሰላም ቤተክርስትያን ምዝራግ፡ ገለ ካብ ዝጥቀሱ እዮም። ኣብዚ ዘይተምሃረ ዝምህረሉ ዘሎ ግዜ ምእመን መጽሓፍ ቅዱስ ስኣንምንባብ ኣብ ዘይፈልጦ ሓጥያትን ጥፍኣትን ይወድቕ ኣሎ። ንመን ኢና ክንሰምዕን ክንስዕብን ዝግብኣና ምፍላጥ ግድን እዩ! ኦርቶዶክስ እየ ዝብል ብመምርሒ ኦርቶዶክስ ክምራሕ ግድን እዩ! ካልእ እንተኾነ'ውን በቲ ዝስዕቦ ሃይማኖት ክምራሕ ግድን እዩ! ምናልባት እምነት ዘይብሎም እንተኾነ'ውን ኣብዘይ ሃይማኖትካ ኣቲኻ ምብልሻው ሽይታናዊ ስራሕ ምኧኑ ምርዳእ የድሊ! ኣንጻር ኣመንትን መራሕቲ እምነትን ብጉልበት ዝልዓል ካብ ሰይጣናዊ ዕላማታት ዝፈልዮ የብሉን! ግብሪ እምነተይ ቅኑዕ እዩ ዝብል እንተ ሃልዩ መርትዖታቱ ምቕራብን ተዓዊቱ ክወጻሉ ዝኽእል መገዲ ምንዳይን እዩ! እንተ ተዓዊቱ ኸኣ ክቕይረሉ ዘይክእል መኽንያት የሎን! እዚ ሕጂ ዝረአ ዘሎ ግን ከምቲ ን ጎይታ

ዝገበርዎ “ይሰቐል፡ ይሰቐል፡ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ትርጉም ዘይብሉ ኣካይዳ ንርእሶም ኣይጠቕሙ ነቲ ሃይማኖተይ ዝብልዎ ኣይጠቕምዎ ። ቤተ ክርስትያን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ብሲነዶስ ትመሓደር ካብኡ ሓሊፉ ዘመሓድር የብላን ኣሎ ንብል እንተኾይና ውን መርትዖታትና ናብ ዝምልከቶ ምቕራብ፡ ቅኑዕ'የ ትብል እንተኾንካ'ውን መርትዖታትካ ብቕንዕና ምዝራብ እዩ፡ ከነስተውዕሎ ዝግብኣና ሃይማኖት መገዲ ጽድቂ እምበር ናይካልእ መሳርሒ ኣይኮነን! ሃይማኖትን ፖለቲክን ክልተ ዘይራኸቡ ነገራት እዮም! ፖለቲከኛታት ኣብ ሃይማኖትም እንተተዋሰኡ መስርሕ ፖለቲካ ስለዝኾነ ኣየገርምን እዩ፡ ሃይማኖተኛ ኣብ ፖለቲክ ኣትዩ እንተተውስአ ግን መስርሕ ሃይማኖት ስለዝኾነ የሕዝን እዩ! ካብ ክብረቱ ምንኣስ ሓሊፉ ብዘይ ሓንቲ ፍረ ይተርፍ፡ እግዚኣብሔር ከአ ንኹሉ ይዕዘቦ እዩ፡ ግን ንመልሲ ደንጓዪ ስለዝኾነ ጽቡቕ ዘሎ ይመስሎ፡ “ ዘሁልቅ 14፡18 እግዚኣብሔር ንኹራ ደንጓዪ፡ በዓል ብዙሕ ምሕረትን እዩ፡ ንሱ በደልን ሓጢኣትን ይቕረ ይብል፡ሓጢኣት ኣቦታት ኣብ ውሉድ ክሳዕ ሳልሳይን ኽሳዕ ራብዓይን ወለዶ ይቕጽዕ እምበር፡ንበዳሊ ከይቐጽዔ ኣይሓድጎን እዩ” ይብለና። እቶም ዘይፈልጡ ኣመንቲ ኢና ዝብሉስ ኣይፈልጡን እዩም፡ ኣቶም መራሕቲ ሃይማኖት ኢና፡ ተማሂራ ኢና ዝብሉ እዚ ዕጅብ ከይበሎም ብዘይ ስርዓት ዝሰርሑ እንተ ዝእረሙ ንርእሲኦምን ንቶም ድኹማት ሰዓብቶምን ምስጠቐሙ፡ እንተዘይ ኮይኑ እግዚኣብሔር በዳልን ተበዳልን ፈልዩ ዘይፈልጥ ኣምላኽ ኣይኮነን!!

ኣብዚ ሓዲሽ ዓመት ቢተክርስትያን ካብ ትላበወና፡ መጀመርያ ብፍርሃት እግዚኣብሔር ክንመላለስ፡ በተክርስትያን ከነዘውትርን መጽሓፍ ቅዱስ ከነንብብን ትርጉሙ ነቦታት ካህናትን መምህራንን ክንውከስ፡ ካብ ምዝራብ ናብ ምስማዕ ከነተኩር፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሐን ዝፍነዉ ሃይማኖታዊ መደባት መሚኻ ምፍላጦምን ነቶም ብዘይ ኣፍልጦ ሃይማኖት ዝፍነዉ ክንነጽጎምን ዓገብ ክንብሎምን፡ ኩሉ ዝምህር ወይ ድዛረብ ይፈልጥ ማለት ከምዘይኮነ ከነስተውዕል ትላቦ!!

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2015 ዓ/ምን ቅዱስ ዮሃንስን ይግበረልና!!